# *<u>ኤርትራ ሓቂ ብሓቂ ሃገረ ሰላም</u>*

*ዝረኸቦ ኣቃለሎ ከምዝበሃል፡ ሕሰም ዘይረኣየ ንሰላም ከቃልል ክርኤ ንቡርዩ። እቲ ዘገርም ግን ሕሰም ዝረኣየ ሰላም ከቃልል ከሎ እዩ። ብፍላይ ከኣ ከምዚ ናትና፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ንነዊሕ ዘመናት ዝተገፍዔን ዝተረግጸን፡ መሪር ሕሰም ዘሕለፈ ሰብ ወይ ሰባት፡ ኩሉ መግዛእቲ ተሳዒሩ፡ ሽግር ተፈቲሑ ኣብ ሰላም ዝነገሰሉ፡ እቶም ኣብ ግዜ ሕሰም ተወሊዶም ዓብዮም ስለ ራህዋ ህዝቢ ኤርትራ ዝተቓለሱ፡ ሕጂ ጸረ ህዝብን መንግስትን፡ ልዕሊ ኩሉ ደማ ጸረ እቲ ዝተቓለሱሉ ዓላማ ተሰሊፎም ንህዝቢ ኤርትራ ናብ ሽግር ከወድቑ ምስ <u>ቡዳ ፈሓር መቓብር ሓርበኛታት ሰማእታትና ተጸጊዖም፡</u> ሓንሳብ ብዓሌት፡ ሓንሳብ ብወገን፡ ሓንሳብ ብሃይማኖት፡ ካብኡ ሓሊፎም በውራጃነት፡ እቲ ዝገደደ መንእሰያት ሓቢልካ (ኣታሊልካ) ካብ ሃገር ከምዝወጹ ጌርካ ንዕንደራ ወራር ወያነ ቀይሕ ምንጻፍ ከተንጽፉ ህርድግ ምባሎም እዩ።*

*ሃገር ዝከላኸለላ ዘርኢ ክትስእን እሞ ወከልቲ፡ ብውክልነት ተጻባእትና ዝመሓደር መንግስቲ ተቀቢልካ ኣብ ልዕሊ እቲ ደርማስ ዓወት ኣመዝጊቡ ነጻነቱ ዝጨበጠ ህዝቢ ሸሻይ ክትብል ምሕሳብ፡ ናይ ከይደቀሱ ዝሓልሙ ሓለምቲ ትምኒት እዩ። ሎሚ ክገርመኩም ልዕሊ **25** ዝኾና ልሙሳት ንህዝቢ ኤርትራ ከርምሳ ዝተመወላ ጉጅለታት ኣለዋ። ገሊኤን ንልዕሊ ሰላሳ ዓመት ኣቕጺረን ኣለዋ። ከም ሕማም ለምሲ ዝሓመመ ፍጡር ለሚሰን፡ ኣባላተን እንትርፎ ዓንደል ትዛረብ መልሓስ፡ ዘመዛዝን ሓንጎል ዘይብለን፡ ኣብ ፎቖዶ እንዳ ቡን (coffee shop) ብሓንቲ ኩባያ ቡን መሬት ወጊሓ ክሳብ ትዓርብ፡ ሓሶት ክኣልሙን ክራገሙን ዝውዕሉ፡ ሕፍር ከይበሉ ኣብ ዘይወዓልሉ ኲናት፡ ኣብዘይ ሓኾሩዎ እምባ፡ ኣብዘይ ሰገሩዎ ሩባ፡ ኣብዘይ ነበሩዎ ኣኼባ ሜዳ ኔረ እናበሉ፡ ንደቂ ገርሂ ልባ ኣናብስ መሲሎም ክረኣዩ፡ እቲ ጃህራታት ከም ዘይነጽፍ ፈለግ ጃሕጃሕ ከብሎዎ ጸሓይ ትዓርቦም።*

*ቀደም ተመሲሉ እንድዩ። <u>"ሩሑቕ ዓዲ መሔሰዊ"</u> ከምዝበሃል፡ እቲ ቀደምስ ክሰርሕ ይኽእል ኔሩ ይኸውን። ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ግን ኣይሰርሕን እዩ። ምኽንያቱ እዞም ጥስጡሳት ጥራሕ ዘይኮኑ ተሰደዶም ዘለዉ፡ ሃገር ብቁጠባን ዲፕሎማስን ግስጋሰኣ እናረጋገጹ ንተጻባኢታት እናፍሸሉ፡ ዝቃለሱ/ለሳ ጀጋኑ ስለ ዘለዉ/ዋ ዝሕባእ ወይ ሓሱዩ ኣንበሳ ክመስል ዝደሊ ጠላም ወኻርያ ቦታ የብሉን። እቲ ንፉሳት ምኻኖም ምስ መን ይዛረቡ ኣለዉ ኣይፈልጡን እዮም። ኩሉ ኣብ ጥቓኦም ኮፍ ዝበለ፡ ናይ ኣምላኽ ሰላምታ ዝለገሰሎም ፡ ኣብቲ ዝዓሰወ መርገጾም ዘሎ ዝመስሎም ቀይዲ ዘይብሉ ጸለመ ጃህራ ምስ ፈኸራ ዓይኒ ሰብ ከዕዉሩ ከግዕሩ ናብርኦም ኮይኑ ኣሎ።*

*በቲ ንሶም ዝሓልሙዎን ዝትምኒዮዎን ዝብሉዎን ሃገርና እንኳንዶ ዓለም ዝመስከረላ ሃገረ ህድኣት፡ ሃገረ ብነብሰይ ከሓድር፡ ሃገረ ሲኒት፡ ሃገረ ፍቕሪ፡ ሃገረ ክብሪ፡ ሃገር ሃይማኖት፡*

*ሃገረ ፍልጠት፡ ልዕሊ ኩሉ ሃገር ሰላም ኣይምተባህለትን። <u>እዚኦም ግን ነቲ ሰማኣታትና ሂወቶም ከፊሎም ዝሃቡና ነባሪ ህያብ ኣቃሊሎም፡ ብስም ሰማእታትና እናሸቀጡ፡ ጸረ ሕድሪ ሰማእታትና ይሰርሑ ኣለዉ።</u> ኤርትራ ሓቂ ብሓቂ ሃገረ ሰላም ዘብላ፡ ንሰላማ ዝውፈዩ ውሉዳት ስለ ዘለዉዋ/ዘለውኣ እያ። ነዞም መንፈስ ኣምላኽ ዝረሓቖም ሃውተትቲ፡ ነታ ኣብ ምድረበዳ ቦቍላ ተጉላዕልዕ ዘላ ሃገረ ሰላም ኤርትራና ብምንም መንገዲ ዘብጹሑላ ኣበር እኳ ኣይሃልዎም እምበር፡ ስቓ ኢልካ ምስምዖም ሓላፍነት ምዝንጋዕ ስለ ዝኾነ፡ ኣፎም ከነትሕዞም ግቡእና እዩ።*

# “” <u>ኤርትራ ሓቂ ብሓቂ ሃገረ ሰላም</u> “”

*ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ገብረንጉስ መስመር*
*ጥቅምቲ 2, 2017*